ኣካላ እንዳሰወአት ኸተብርህ ዝሓደረት ሽምዓ፣ ዕማማ ወዲኣ ብብርሃን ጸሓይ ኸሳብ ትትኻእ ጽዮን ኣየስተውዓለትን።መቓምጦኣ ጸቢቑ እነተዘይኾይኑ፣ ስምዒ ወዲኣ ዝጠፈአት ቁላዕ ሓዊ ናብ ባርዕ'ውን ተትሳገር ግዲ ትገብረሉ ኣይትመስል። ጋሃጽሃጽ እናለ ኣብ ኣእሙራኣ ተናኺሱ፣ ውሽጣዊ ሰውነታ ዝላሓመ ሓዊ፣ ኸቃጽላ ስዝሓደረ፣ ብደገ ምበር ውሽጣስ ሓያል ባርዕ'ዩ ኔሩ። ነቲ ተፈጥራዊ ሓዊ ምንም ኸትቆጽሮ ዘይኾነስ፣ ኸም መጥፊኢ ሰውነታ ተጠቒማ ኻብቲ ምስኣ ዝሓደረ ሕማቕ ስሚዒት ኸትገላገል ትንዕ ዘብል ሓሳባት ውን ይውርወራ ኔሩ'ዩ። ንሓዊ ማይ ዘምስል፣ መፍትሒ ሽግራትኻ ጌሩ ዘቑጽር እኩይ ሓሳባት።

ተኺፊቶም ዝሓደሩ ፍሩያት የዒንታ ጓሂ ምስ ድኻም ተደሪብዎም ኮሚደረ'ዮም መሲሎም። ዝተበናጨረ ጸጉራ ኣብ ገጻን ዓራትን ተበቲኑ'ሎ።ዝለበሰቶ ጸሊም ቱታ ስረ፣ ምስታ "ደም ብምልጋስ ሂወት ነትርፍ" ዝብል ጭርሖ ዝተጻሕፋ ሓመዳዊት ማልያ፣ ክትታዓጻጸፍ ግዲ ፎኪስላ፣ ብርኻ ኣብ መንከሳ ኸሳብ ዝበጽሕ'ያ ታዓኹሊላ። ሕቋኣ ንጓላ፣ ርእሳ ኣብ የማናይ ቅልጽማ ፣ ኣብ ዓራት'ያ ተጋዲማ ዘላ።

"ፓሊስ'ዶ ሒዞሞ ይኾኑ?....ወይስ ኸተርቲ ቐቲሎሞ?...." ወይስ ምስገሊአን ሓዲሩ?.... ያያእ ኾሙኡስ ኣይውዕሎን .... እሞ ንመን ዳኣ'የ ወደይ ዝሓቶ? ዝፈልጦ ሰብ እኳ ዘይብለይ ...." እሻሓት ሕቶታት ኸእንግድ ዝሓደረ ኣእምሮኣ፣ ዕረፍቲ ኣይሃበቶ፣ ዕረፍቲ ኣይሃባ። ሕቶ ይመጽእ መልሲ ግን ወይ'ከ። ርእሳ፣ ሰብ ዝሰራሓ ማሽን እንተትኸውን'ሲ ገለ'ዶ ኣጢፊኣታ ምደቐሰት፡ ግን ናይ ሰብ ነገር'ከኣ ፍጹምነት የብሉን በጃኻ፡ ረሲና ኸይትቓጸል ኸኣ ትሰግእ።

ባባ'ኸ ኣይመጥእን ድዩ ክርብሻኣ ዘምሰያ፣ ቓላት ሓረግ ጓላ ዘኺራ "ን'ሓረገይ'ከ እንታይ ክብላ'የ ወደይ?" ብምባል ነብሳ ብሕቶ ኣዋጠረት።

ኣብቲ መጀመርታ ምድንጓዩ ዘሻቐላ ጽዮን እኳ እንተነበረት፣ ሻቕሎት ልባ ብውሽጣ ጌራ “ኣቲ ቖልዓ ኣይትረብሽኒ! ኸመጽእ'ዩ ሕጂ” እናበለት'ያ ኽትገንሓ ጀሚራ። ኻልኢት ብደቒቕ፣ ደቒቕ ብሳዓት እንዳተተኻኽአ ግዜ ብዝኸደ ግን ሻቕሎታ ክግለጽ፣ ኣእዳዋ ከተቆራርፅ፣ ናብቲ ናፍቲ ክትኮልል፡ ደገ ወጺያ ኣርሒቃ ኸተማዕዱ፡ ሽንታ ክትደፍእ ክትመላለስን ግዜ ኣይወሰደላን። ሓረግ ባባ'ከ ኽትብል፣ ንሳ ኽመጽእ'ዩ ኽትብል ተኻል ምሸት'የን ኣምስየን። ባባ ኸይመጸ ኣይድቕስን'የ ኢላ ኣቕቢጻ ዝነበረት ሓረግ ኸባቢ ፍርቂ ለይቲ ብድኹም ቃና “ባ..ባ ከ.... ኣ.ይ..መ...ጥ....” ኢላ ሓሳባ ኸይወደአት'ዩ ድቃስ ተቐቢልዋ።

ናይ ሓረግ ድቃስ ቑሩብ ሰላም እኳ እንተኣለቐሓ፣ ሙሉእ ሰላም ኽኾነላ ግን ዳሃይ ኣሚና ኽርኽብ ኣለዎ። ተደንጎኹ ሰዓት ኢሉ፣ መልእክቱ ኹብጽሕ ዝወጸ እምነት፣ ካብ ዘይምለስ ዳርጋ 16 ሰዓት ጌሩ ኣሎ። ወረግ 16 ሰዓትን 42ን ደቒቕን'ዩ።

“ ኣታ ኣምላኽ ኣቦይ በጃኻ ሕማቕ ኣይተስማዓኒ” ጸሎታ ኸተዕርግ ጀመረት። “ሪኤ'ኮ ዘይጸገብኽዎ፣ ፍቕሪ ንእስነተይ፣ ዝፈትዎ ሓወይ፣ ኣቦይ ኣደይ፣ ኽንድ ኹለይ ምዃኑ ምሽ ትፈልጥ ኢካ፣ ኣብዛ ምድሪ ኣለኒ ዝብሎ ብጃኹኡ ካልእ እኳ ዘይብለይ፣ ኣምላኸይ በጃኻ ታኣምራት ግበር”

ንብዓት ዝጸንቀቁ የዒንታ ነቒጾም ኸሳሕይዋ ጀመሩ፣ ጥሜት ተሓዊስዎ ደብዛዝ ምስሊ እምበር ብንጹር ኽትርኢ ኣይኻኣለትን። “ኣምላኽ ኣቦይ በጃኻ! ሎሚ እንተራኺብኻና ኻልእ ወለሓደ! ወለሓደ ዝደልዮ የብለይን፣ ኣብ ሂወተይ ሙሉእ ኸመስግነኻ እምበር፣ ኻላኣይ ግዜ ኸይልምነኻ ቃል ይኹነኒ።” በለት ብጻዕሪ፣ ዝደረቐ ጎረርኣ እንዳተጠንቐቀት።

መሉእ ለይቲ ተስፋ ጌራ ክትጥምታ ዘምሰየት ቦታ ሓንቲ'ያ። ቕድሚ ሓሙሽተ ዓመት እምነት ዝሰራሓ ማዕጾ። ገብሪኤል ናይ ብስራት መልኣኽ፣ ነታ ኽፍሊ ብርሃን ኽመልኣ በታ ማዕጾ ኽመጽእ ደጋጊሙ ክራኣያ ዘምሰየ ትርኢት'ዩ፡ ኣቲ ብርኽቲ ሰበይቲ እንሆ ሰብኣይኺ ዝብላ ኾይኑ እንዳተሰማዓ ኣዒንታ ኻብታ ማዕጾ ኣይኣለየተንን።

ኣብ ዚንጎ ብዝለገበ ሞራለ ዝተሰርሐት ማዕጾኦም፣ ብተገዳም ለጊባ እኳ እንተነበረት ዘይምስጣማ ዝፈጠሮ ፈቓቕን፣ ኣብ ኹብዳ ዝነበሩ ነኂላትን ግን ሰብ እምበር፣ ብርሃንን ንፋስን'ሲ ዝኽልኽል ኣይኾነን። ሪሒብ መንገዲ ረኺቦም ኣብ ባይታ ዝዓለቡ ጩራታት ጸሓይ እንዳቐረብዋ ኽመጹ ጀሚሮም ኣለዉ፣ ስሕት ኢሉ ዝመጽእ ጥሉል ንፋስ ውን ሓደ ኽልተ ጸጉሪ ርእሳ ኽየንቀሳቀሰ ኣይሓልፍን'ዩ።

ነኂላት ማዕጾ ዝዓብስ ምስሊ ኣብ ማዕጾ ስለ ዝተገተረ። ነገራት ንምጽራይ ኣብ ማዕጾ ኣንፈተን ዝሓደራ የዒንታ፣ ሕስይ፣ ሕስይ ኣቢላ ኣካላታ ኣቕኒዓ ኽትኽታተል ጀመረት። "ብርግጽ ምስሊ ሰብ'ዩ። ብጀኻ ኣሚነይ ኸኣ ገዛና ኽመጽእ ዝኽእል ሰብ የለን። እሞ ኸኣ ሰዓት 7 ንግሆ፣ ኖኖ እዚስ ኣሚነይ'ዩ። ግን ! ኣሚነይ ተኾይኑ ንምንታይ ዘይኹሕኹሕ?" በለት ብዝተዛባረቐ ስምዒት።

ነዊሕ ከይጸነሐ ግን ኲሕ፣ ኲሕ፣ ኲሕ ዝብል ድምጺ ኣብ ኣእዛና ተሰምዐ "ኣሚነይ፣ ኣሚነይ መጻኹ ኽኸፍቶ'የ' ብዓውታ እናወጨጨት ንማዕጾ ገጻ ብፍጥነት ሰጎመት።"ይኽፍቶ ኣለኹ ኣሚነይ፣ ይኽፍቶ ኣለኹ" እናበለት ተገዳም ኣውሪዳ ኣርሓወቶ።

ማዕጾ ምስ ኸፈተት፣ እቲ ዱልዱል ተኽለ ሰውነት ዝውንን እምነት ምስታ ብጎታን ጸጉሪ ዝተጸቕጠት ገጹ ዘይኾ። እቲ ቅድሚ ንሹድሽተ ዓመት ኣብ መንገዲ ኹርኹር እንኽሎ ዝረኸብዎ ላኪ ኽልቦም፣ ኻብታ ብዚንጎ ዝተሰርሐት ንእሽተይ ገዝኣ ወጺኣ ኣብቲ ገለ ኽፋል ቀጽሩ ዝፈራረሰ ኂና ዕንክይክይ ክትብል ድሕሪ ምጽናዕ፣ ምቕልቃል ጽዮን ባህታ ሂብዋ፣ ጭርኣ እናወዛወዘት ናብ ድርኩኪት መንግኣት ተጸገዐት።

ብድምጺ ኣዲኣ ሰንቢዳ ዝተባራበረት ሓረግ ውን፣ ኣብ ዓራታ ኾይና ዝጀመረቶ ብኽያት፣ ምስ'ቲ ደራዚ ሲኢኑ ኣብ ኸሳዳ ዝበጸሐ ንብዓት ኣቓልቦ ናይ ኣዲኣ ክትስሕብ "ማማ ! ማማ! " እንዳበለት እባደ ኽትቕበል ብኽዳና ኽትውጥጣ ጀመረት።

ጽዮን፣ ምንቅስቓስ ኽናፍር ሓረግን ኣብ ገጻ ዝዛረየ ንብዓትን ትርእዮም እምበር ተስተብህለሎም ኣይነበረትን። ኣእሙራኣ ኣብ ጽዑቕ ስራሕ ተጸሚዱ ምንባሩ ካብ ሓረግ ዝወጸ ድምጺ ኣብ እዝና ዓሊቡ ጥራይ'ዩ ተሪፉ። ደሃያ ኣበሪኻ ንዳበኸየት ትውጥጣ ዋላ

እኳ እንተነበረት፣ ድምጻ ኸም ዝተሎግመ ቲቪ ምንቅስቓሳታ ምበር ልቅሶኣ ይስማዓ ኣይነበረን።

ኣብ ኻልእ ዓለም’ያ ኔራ፣ ግዜ ጠጠው ኸም ዝበለ ተሰማዓ። ዝራኣየቶን ዘሰማዓቶን ሓቂ ድዩ? ወይሲ ኣእምሮኣ፣ ድሌታታ ውሽጣ መዝሚዙ ህርፋና ንኸርዊ ዝፈጠሮም ኣሳእል’ዮም። ኣብ መንጎ ተቐርቂራ ድርቕ ኢላ ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ውነኣ ብዝተመልሰት ኳላ ሓቀኛ ኣልዓለት። ንብዓታ ደራሪዛ ኸዳን ምስ ቀየረትላ፣ ንሳ ውን ክዳና ድሕሪ ምቕያር ነጸላኣ ተጎልቢባ ንግዳም ወጸት። ማዕጾ ገዝኣ፣ ሰንሰለት ብምሕላፍ ብ’ሊኬቶ ጌራ ኣጋጠመቶ። ኣንፈት መንገዳ ኣለልያ ውን ጉዑዝኣ ፈለመት።